
ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 3ይ ክፋል።




ኣብዛ ስእሊ ታንክታት ዘለውኣ ” ብደምና ዓጢቕና” ትብል ጽሕፍቲ ኣላ። እንታይ ማለት እዩ ብደና ዓጢቕና ክበሃል ከሎ? መልሱ ንኹሉ ብሩህ መስለኒ። ህዝባዊ ግንባር ብረት ክገዝእ ይትረፍ ንተጋደልቱ ዘጽግብ መግቢ ክሽምት ትሕዝቶ ኣይነበሮን። ተቓሊሱ ክዕወት እየ ዝብል ጽኑዕ እምነት ሒዙ እዩ ዝጎዓዝ ነይሩ። ህ.ግ. ካብቲ ብዙሕ ከዔውቶ ዝኽኣለ ምክንያታት ኣርባዕተ ንምጥቃስ፣ 1) እምነት፣ 2) ብልሓት፣ 3) ጽንዓት፣ 4) ትብዓት። ተጋዳላይ ኣብ ነንሕድሕዱ ጽኑዕ ምትእምማን ነይሩዎ። ብጣዕም ተበላሓቲ መሪሕ ኣካል ነይሩዎ ። ጽኑዕ ነብሰ ምትእምማን ዝውንን ውድብ ነይሩ። ተባዕ ኣብ ዝኣምነሉ ዓላማ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ዘይብል ውድብ ነይሩ። ካብዚ ተበጊሱ ንጸላኢ “ ብንብረቱን ብብረቱን “ ዝብል ቴማ ተጠቒሙ ደሙ እናፍሰሰ ካብ ጸላኢኡ ዕጥቅታቶም እናገፈፈ፡ ተመለሱ ብንብረቶም እዩ ዝስዕሮም ነይሩ። እዚ ከኣ እዩ እቲ “ ብደምና ዓጢቕና “ ክብሎ ዝኽኣለ። ካላ ኣዝዩ ንዓወት ህዝባዊ ግንባር ክዉን ክገብሮ ዝኽኣለ ምኽንያት ኣሎ። ንሱ ከኣ መሪሕነት እዩ። ኣብ ሜዳ ምስ ተጋደልቱ ጽቡቕን ክፉእን ዝሳተፍ፡ ክጸግቡ ዝጸግብ ክጠምዩ ዝጠሚ፡ ክዓርቁ ዝዓርቕ፡ ጽቡቕ ኣብነት ዝኾነ፡ መሪሒነት ስለ ዝነበረ እዩ።




ህ.ግ ኣብ ኵናት ክኣቱ ከሎ ብኹሉ ወገኑ ተዳልዩ እዩ ዝኣቱ። ተጋደልቲ ንዝማረኽዎ ዕጥቂ ጸላኢ ብቕጥታ መኣዝኑ ቀይሮም ኣብ ተገባር የውዕልዎ። ብረት ኣብ ዓውደ ኵናት ኣናተረጋገረ ጸጊኖም ኣብ ስራሕ የውዕልዎ። ታንክ ኣንጻሮም ክትኩስ ዝጸንሔት መንዚዕም ናብ ጸላእቶም የቕንዕዋ። ኣይከኣልን ዝበሃል ነገር የሎን። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ንብረት ጸላኢ ነንድዶ ዝብል ሓሳብ ኣብ ሓንጎሎም ኣይተቐርጸን። ንስለቦ፡ ንመንዝዓዮ፡ ኣይተንዱዱ ሕጂ እንተዘይሰለጠና ኣበይ ከይከደና ጽባሕ ንወስዶ ዝብል ኣተሓሳስባ ዝነበሮ ውድብ እዩ ነይሩ። እቲ

ምርብራብ “ ደርጊ ንብረቱ ህ.ግ. ከይወስደሉ ባዕሉ ከንድድ ከሎ” “ ህ.ግ ድማ ደርጊ ንብረቱ ከየንደደ ንስለቦ (ንውሰዶ) ዝብል ህልኻት ነይሩ።



እቲ ድሕሪ ጸረ-መጥቃዕቲ ህ.ሰ. ዝሰዓበ መድረኽ ንኽልቲኦም ወገናት ናይ ምርብራብን ምድልዳልን እዩ ነይሩ ። ህ.ግ. ኣብ ፖለቲካዊ ድልዳለ ፡ ኣብ ምህናጽ ደጀን ኣቕሊቡ ። ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሰራዊት ፡ ፖለቲካዊ ፡ ኣከደምያውን ባህላውን ንጥፈታት ቀዳምነት ተዋሂብዎ ፡ ኣከላት ደጀን ድማ ተጠናኺሮም ።

المرحلة التي اعقبت الهجوم المضاد الذى قام به الجيش الشعبي كانت مرحلة استنزاف واعادة تنظيم وبناء لكلا الجانبين • الجبهة الشعبية من جانبها اهتمت بتعزيز البنية السياسية وتوطيد دعائم القاعدة الخلفية • واعطيت الاولوية للنشاطات السياسية والثقافية والدراسة الاكاديمية في اوساط مقاتلي الجيش الشعبي •

The period after the EPLF counter-offensive marked the beginning of a long stale-mate. For both sides, it was time to reorganize and consolidate their positions.In the EPLF base area, political, educational and cultural activities flourished.

እቲ ድሕሪ ጸረ መጥቃዕቲ ዝነበረ መድረኽ ህ.ግ. ዓቕሙ ኣብ ፖሎቲካዊ፡ ምህናጽ ደጀን፡ ኣካደምያዊን ባህላውን ንጥፈታት ኣድሃበ። ህዝባዊ ግንባር ዓወቱ ብውግእ ከም ዝመጽእ ጥራሕ ገሩ ኣይጠመቶን። ምኽንያቱ ውግእ ሓደ ካብቶም ጉዙፍ ዕማም እኳ ኣንተኾነ፡ ብዘይ መሰነይታ ከዕወ ኢልካ ምሕሳብ የዋህነት እዩ። ህ.ግ. ንሰራዊት ፖሎቲካዊ ንቕሓቶ ሓፍ ምባል፡ ኣካላቶ ብስፖርት ምጥንካር፡ ኣካደሚያዊ ኣፍልጦ ምዕባይ፡ ባህልታት ኤርትራ ምልላይን ምዝንጋዕን ብመደብ ተሰሪዖም ከም ዝወሃቡ ገይሩ። <u>እዚ ዝተጠቕሰ ብቕዓት ዘይብሉ ሰራዊት፡ ካብ ሰራዊ ደርግ ከሓይሽ ስለ ዘይክእል ነዚ ህ.ግ. ብልክዕ ተጠቂሙሉ ውጺኢት ከኣ ረኺቡሉ።</u> ሰውራ ኤርትራ (ህ.ግ) ካብ ካልኦት ሰውራታት ዓለም ዝፈልዮ ንምግንዛብ መጻሕፍቲ ምፍታሽ የድሊ።

ኣካላዊ ብቕዓት ዘይብሉ ሰራዊት ተዋጊኡ ኣየድምዕ፡ ሰሪሑ ኣየልምዕ። ህ.ግ. ነቲ ኩሉ ኣብ ግምት ኣእትዮኡ በብእዋኑ ዋላውን ኣብቲ ዝጸንከረ መድረኽ ሰራዊቱ ካብ ኣካላቱ ምጥንካርን ኣኣሙሩኡ ምስፋሕን ተቐጢቡ ኣይፈልጥን። ብኹሉ እንትናኡ ዝተሃንጸ ሰራዊ፡ ሰኽም ኣይከብዶ፡ ጉዕዞ ኣየሰንክሎ፡ ሞራሉ ላዕሊ፡ ጥዕናኡ ሙሉ ከኸውን የኽእሎ። ኣብ ህ.ግ ግዜ ልዕሊ ሉልን ኣልማዝን እዩ ዝቑጸር። ብዘይ ሞያ ትሓልፍ ግዜ የላን። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብ ኩሉ ቦታ ኣብዝኾነ ግዜ **ተበልሓትነት** ኣብ ቦታኣ ነይራ። ባህሪ ናይ ገዝእ ርእሱ ሕጊ ኣለዎ። ቁሪ፡ ሙቐት፡ ጥሜት

ጽምኢ፡ ዕርቃን፡ ሕማም፡ ድኻም፡ ወዘተ... ወዲ ሰብ ንምቁጽጻሮም ዘሸግሩዉ፡ እሞኸኣ ኣብ ቃልሲ ምስ ባዶ ትሕዝቶ። ተጋደልቲ ግን ነዞም ኩሎም ባህርያዊ ጸገማት ከም ብጾቱ ድኣንበር ከም ጸላእቱ ቆጺሩዎም ኣይፈልጥን። ምስ ኩሎም ተጓዳእቲ ዝበሃሉ ለመምታ ከከም ጠባዮም እናኸደ ምስኦም ይነብር ነይሩ።





ክፍሊ ባህሊ ኣብ ህ.ግ. ብዙሕ ኣበርክቶ ነይሩዎ። ህጂውን ብዙሕ ኣበርክቶ ኣለዋ። ክንዮቲ ንሰራዊትን ህዝብን ዝህቦ ኣዘናጋዕን መሃርን ፖሎቲካዊ ሓዘል መደባት ኣብ ውድባዊ ቁጠባ ዝነበራን ዘለዋን እጃም ኣዝዩ ጉዙፍ እዩ። ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሞራሉ ንምዕናው እንተኾነውን ዳርጋ ካብቲ ብብረታዊ ሓይል ዝውሕድ ዝነበረ ጥምጥማት ዘይፍለ ግደ ተጻዊታ እያ። ናብ ወጻኢ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ብጉጅለ ባህሊ ህ.ግ. ዝኣክል ፖሎቲካውን ሃገራዊ ስሚዕትን ክሰንቕ ኪኢሉ እዩ። እቶም በብመድረኹ ንእዋናዊ ኩነታት ዘንጸባርቑ ፈጺሞም ንመዋእል ዘይምነዉ ደርፍታትን ድራማታትን ንህዝቢ ምስ ውድቡ ክጎዓዝ ገራቶ እያ። ናይ ክፍሊ ባህሊ ብሰፊሑ ኣብ ካልእ ግዜ ምትንታኑ ይሓይሽ።

<u>ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ህዝቢ፡ ናይ ህዝቢ፡ ንህዝቢ ምስ ህዝበ።</u> ህ.ግ. ንበይኑ ዝነብር መንፈሱ ካብ መንፈስ ህዝቡ ዝተፈልየ ግንባር ኣይኮነን። ህዝባዊ ግንባር ብኣካል ብሓሳብ ብተግባር ኣብ ነብሲ ወከፍ ኣእምሮን ልብን ዝነበረን ዝነብር ዘሎን፡ ዝነብርን ግንባር እዩ። ነጻነት ኤርትራ መሪሑ ዝኣተወ ግንባር፡ ግንባር ከም ምኳኑ መጠን እትረፍ ኣብ ህዝቡስ ኣብ ኣሙሮ ጸላእቱ ዝተቐርጸ ግንባር እዩ። ነጻነት ኤርትራ እንተተባሂሉ በየናይ ቋንቋታት ዓለም :በየናይ ሃይማኖታት፡ በናይ ህዝቢ ዓለም ብተዘርበ ይዘረብ ንጸላኢ ይኹን ፈታዊ እታ ኣቐዲማ ኣብ ሓንጎሉ/ሓንጎላ ዝመጻ ቃላት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ህ.ግ.ሓ ኤ) ዝብላ እየን። ህዝባዊ ግንባር ዓላማ ጥራሕ ኣይኮነን ተግባርውን እዩ። ተግባር ስለ ዝኾነ ኣብ ተግባር ስለ ዝኣመነ ንናጽነት ኤርትራ ተግባራዊ ክገብሮ በቒዑ። ስለዚ ህዝባዊ ግንባር መንፈስ፡ ራኢ፡ ተግባር እዩ። ነዚ ዝቋወም እንተሎ ኣብ ሓቅነትን ርትዓውነትን ዘይኣምን እዩ። ህዝባዊ ግምባር ንህዝቢ ኤርትራ ጠርኒፉ ዘቃልሰ ግንባር እዩ። ስለዚ ህ.ግ. ህዝቢ እዩ፣ ህዝቢ ህ.ግ. እዩ።

**<u>ነዘን ዝስዕባ ስእሊታት ንመልከት፡ ሓድነት ሰውራን ሓፋሽን።</u>**






**ተጋደልት ኣብ ናይ ህዝቢ ማእቶት ክሳተፉ ከለዉ።**

**ህዝቢ ኣብቲ ሓራ ዝወጸ ቦታታት ናብርኡ ይገብር።**

**ሓረስቶት ኣብ ወፈራዊ ዕዮ።**

**ኣደታት ኣብ ሓራ ቦታ ማእቶታዊ ስራሓት ከሰላስላ ከለዋ።**

ካብዚ እንርድኦ ነገር እንተሎ፡ ህ.ግ. ብኹሉ መዳያቱ ግዜ ከየጥፍኤ ማሕበራዊ ትካላት ከከም ኩነታቶምን ቦታኦምን ብህዝቢ ንህዝቢ የቘውም ምንባሩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ነጻነት ከም ጭቡጥ ወሲዱ፡ ደሞክራሲያዊ ስርዓተ መንግስቲ ድሕሪ ነጻነት ምጭባጥ የርከበበሉ ኣይበለን። ኣብ ሜዳ ንኹሉ ኩነታት ጸጥትኡ ዘፍቀደሉ ሕብረተ ሰብ ዘሳተፈ ውዳበታት የተኣታቱ ምንባሩ ንርዳኣ።

## ሓፍሽከ እንታይ ይብል ነበረ? ብድሆ ንሻዱሻይ ወራር፡ ብድሆ ንኹሎም ወራራት፡




ቅኒት ሓፋሽ ንህዝባዊ ግንባር ስንቅን፡ ዕጥቅን ኮይኑዎ እዩ። ህ.ግ. ብዘይ ተሳትፎ ሓፋሽ ከዕወት ከምዘይክእል ብስነፍልጠታዊ መጽናዕተ ዝተገንዘቦ። ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን፡ ግደ ጓል ኣንስተይቲ ንዓወት ህዝቢ ኤርትራ ብሕብረተ ሰብኣዊ፡ ብቑጠባዊ፡ ብፖሎቲካዊ፡ ብወተሃደራዊ ወሳኒ ተራ ከም ዝነበረ ኣብ ታሪኽናን ታሪኽ ሰውራታት ዓለምን ሰፊሩ ኣሎ።

ምቅርራብ ህዝብን ሰራዊትን ነቲ ዝስዕብ ኳናት፡ ደርጊ ሰውራ ኤርትራ ንምምብርኻኽ ዘየዳለዎ ነገር ኣይነበረን። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዛ ኣርእስት ዝተመልከትናዮ፡ እቲ ኣሎ ዝበሃል ሰራዊት ኣስማት እናመረጸ “ ሁሉም ጦር ወደ ሰሜን “ ዝብል ትእዛዝ እዩ ኣመሓላሊፉ። ከም ትእዛዙ ሓያል ሰራዊት ኢሉ ዝሰመዮ ናብ ኤርትራዩ ተጓዒዙ።


ጀጋኑ ናቕፋኽ እንታይ ይምህዙ ነይሮም? ፋሽሽታዊ ሰራዊት ደርግን ኣማኸርቱን፡ መዓስ ፡ ኣበይ፡ ብኸመይ መቓብሮም ነዳልዎሎም ዝብል ዘተ እዮም ዝመያየጡ ነሮም። እቲ መልሲ ኣብ ዝጥዕመና ቦታን ግዜን ነይሩ። ሕጂውን ነዞም መወከሲታትና ዝኾኑ ስእልታት ንተዓዘብ።



ፍናን ዝመልኦ ተጋዳላይ ህ.ግ. ኣካላቱ ከጠንክር፡ ዕጥቁ ከደልስ ኣብ ዲቕ ዝበለ ምድላዋት እዩ ተጸሚዱ ነይሩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተባሕለ “ ዝዋጋእ በዓል ሓሞትን ዓላማን ዘለዎ ድኣምበር ብረት ኣኮነን”።



ድምጺ ዋዕሮታት ንጎቦታትን ሜዳታን ሳሕል ብሃውሪ ከናውጾ ከሎ። ደጀና መንዩ ዝደፍሮ። መርዓይን ስልማተይን መስዋእተይ። ንሕና ከሎና መንግስቱም ሰዓብቱን ደገፍቱን ኤርትራ ሓመደ ዕደ። ተጋደልቲ ብስእሊ ካርታ ከመይን ኣበይን ንሰራዊት ደርጊ ክሳዱ ይሓንቅዎ ክሕበሮም ከሎ። ከበድቲ መሳርያታት ናይ ተዋራረስ ኣስተምህሮ ክወሃብ ከሎ። ኣብ ህ.ግ. ጎይታ ሃውን እንተተሰዊኡ፡ መተካእታኡ ይዳረገመላ። ዝፈልጣ የለን ተባሂላ ካብ ስራሕ ደው ኣይትብልን እያ እንተዘይተሃሪማ።




ደርጊ ብዓለማዊ ሕጊ ዝተወገዘ ጋዝ ተጠቒሙ <u>“ ላንድየና ለመጠረሻ “ ወንበደዎች (የኣረብ ቅጥሮኞት) ይጠፋሉ፡</u> ክብል ከሎ፡ ተበላሓትነት ህ.ግ. ክ ከመይ ነይሩ? ነቲ ብኽንደይ ናይ ዓለም ሊቃውንቲ ዝተማህዘ ቀመማዊ ጋዝ ንምክልኻል ብዘለካ ተወከፍ ካብ ዝብል እዞም ተጋደልቲ መከላኸሊ ክምህዙ ከለዉ ንዕዘብ። እቲ ናብ ነፍሲ ወከፍ ኣእሙሮ ዘለዎ ኤርትራዊ ዝለዓል ሕቶ፡ ህ.ግ. ከመይ ገሩ ምሂዞዎ? ዝብልዩ ክኸውን ይግባእ። ክገብር ዝበለ ዓጋቲ የብሉን። ሽግር ንዘስተውዓለሉ ዓቢ መምህር እዩ። ህ.ግ. ብመጠን እቶም ዘጋጥምዎ ዝነበሩ ብድሆታት ተበላሕትነቱ እናዓበየ ከይዱ። ተጠቒሙላ።

# ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 4ይ ክፋል ኣብ ዝቕጽል።

ታሪኹ ዘይፈልጥ መንነትቱ ኣይፈልጥን፡
መንነቱ ዘይፈልጥ ናይ ባዕዲ ጉዙእ ይኸውን፡
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓውት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።